Verband Schweizerischer Jüdischer Fürsorgen
Union Suisse des Comités d'Entraide Juive
Mitglied der Schweizerischen Flüchtlingshilfe (SFH)
Membre de l'Organisation Suisse d'Aide aux Réfugiés (OSAR)

ምስ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ዲዩ ርክብኩም፡ ምስ ኣብ ስዊዝ ነዊሕ ዝገበረት ስድራቤት ሌላ ክትምስርቱ ትደልዩ ዶ፧

## Familientandem (*ጽምዲ ስድራቤታት*)

እዚ ስድራቤት ታንደም „Familientandem" ኣብ መንጎ ንደቂ ዓድን ስደተኛታትን (ንኣብነት ፐርሚ ኤን ፡ ኤፍ፡ በን መንበሪ ወረቐት ዘይብሎምን) ስድራቤታት ሌላ ክምስርቱ ይሕግዝ። እዚ ፕሮጀክት ከኣ ስድራቤታት ምሕዝነት ፈጢረን ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ ተራኺበን ጹቡቕ ግዜ ከሕልፋ የተባብዕ።

ናብ መጻውቲ ሜዳ ብምኻድ፡ ጉዕዞ ብእግሪ ምግባር ወይውን ብሓደ ኮንካ ምግቢ ብምድላው ክኸውን ይኽእል። እዚም ርክባት ሌላ ንምዕባይ፡ ቋንቋ ጀርመን ንምልምማድ ብተወሳኺውን ኣብ ከባቢና ዝርከብ ሓደስቲ ቦታታት ንምብጻሕ ኣጋጣሚ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ Altstetten, Seebach, Schlieren ወይ Adliswil ነበርቲ ዲኹም ንዓኹም ዝመስል ስድራቤት ክንደልየልኩም ፍቓደኛታት ኮይና ዕላማኡ ከኣ እዚ ታንደም (ጽምዲ) ንምፍጣርን ብተወሳኺውን ነዚ መደብ ታንደም ንምስናይን ኢዩ።

ብኸመይ ይካየድ?

1. ንእሽተይ ሓበሬታ ዝሓዘት ጽሕፍቲ ብዋትሳኣፕ (Whatsapp)፡ ኢ-መይል ወይውን ብቡስጣ ይስደደልኩም። ምስዛ ስድራቤት ሌላ ክትገብሩ እንተደሊኹም፡ ነዛ ወረቐት መሊእኩም እንተሰዲድኩምልና፡ ንምዝግበኩም።
2. ምሳኹምን ምስ ስድራቤትኩምን ሌላ ንኽገብር ፡ ኣብ እንዳሻሂ ንራኸብ ወይውን ኣብ ገዛ መጺኣ ይበጽሓኩም።
3. ቀጺለ ከኣ ንዓኩም ዝመስል ስድራቤት ይደልየልኩም። ቀልጢፈ ክረክብ ይኽእል ወይውን እዚ ምድላይ ግዜ ክወስድ ይኽእል። ብዓቅሊ ክትጽበዩ ከኣ ብትሕትና ይሓተኩም።
4. ሓደ ቤተሰብ ምስ ረኸብኩ ፡ መልእኽቲ ይሰደልኩም ቀጺልና ናይ መላለዩ መደብ ነዳሉ።
5. ኣብቲ ንራኸበሉ ግዜ፡ ሌላ ትገብሩ፡ ነቲ ውዕል ከኣ ብሓደ ኮይና ንፍርሞ። ስዒቡ እዚ መደብ ታንደም ይጅምር። ቀጺሉ ዘሎ ግዜ ግን ባዕልኹም ቆጸራ ትወሃሃቡ ብተወሳኺውን ሓሳብኩም ትለዋወጡ።
6. ዝኾነ ሕቶ ወይውን ጸገማት ኣብዚ መደብ ታንደም ምስ ዘጋጥመኩም፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትሕቡሩኒ ትኽእሉ።

እዚ መደብ ታንደም ካብ 6-12 ወርሒ ይኸይድ፡ ብሓድሕዳዊ ድልየት ክልቲኦም ስድራቤታት ክቕጽል ይከኣል።

ድልየት እንተኣለኩም ወይ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም፡በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትውከሱ ትኽእሉ።

Whatsapp : 079 632 70 33
Telefon : 044 206 30 61
E-mail: familientandem@vsjf.ch
Webseite : www.familientandem.ch

ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ሌላ ክንምስርት ተስፋ ይገብር።
Projektkoordinatorin (ኣካያዲት ፕሮጀክት) VSJF